# ፖሊቲካዊ ውሳኔታት
# መስራትን ቀዳማይን ጒባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
# 30.07.2008

ህዝቢ ኤርትራ ብሰሪ ነዊሕ ናይ መግዛእትን ዲክታቶርያዊ ጭቆናን ኣደዳ ድኽነት፡ ሕማም፡ ድንቍርናን፡ ምብትታን፡ ምግዛዛዕ፡ ኣድልዎን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ኰይኑ ጸኒሑ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ንዘውርዶ ዘል ግፍዕን ጭቆናን ንምልጋስ ብዙሕ ቃልስታት ክካየድ እኳ እንተጸንሐ ብኣተሓሳስባ ይኹን ብውደባ ማዕረ ባህጊ ህዝብና ኰይኑ ኣይተረኽበን።

ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጒባኤኡ፡ ነቲ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ፍልልያት ዝውግዝ፤ ንሓድሽ ወለዶ ዘሳትፍ፤ እሱር ናይ ዝሓለፈ ታሪኽ ዘይኰነ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ሓድሽ ሰልፊ ብኾሎም ተመሳሳሊ እምነት ዘለዎም ውድባትን ጒጅለታትን ውልቀ-ሰባትን ክምስረት ከምዝወሰነ ዝዝከር ኢዩ።

ካብ'ዚ ብምንቃል፡ መስራትን ቀዳማይን ጒባኤ ሰልፊ ነዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ።

1. ስም ሰልፊ፡-

ጒባኤ፡ ስም ሰልፊ፡ "ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ" ክኸውን ወሲኑ።

2. ኣገባብ ቃልሲ

መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዕላማታት ሰልፊ ንምርግጋጽ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ቃልሲ ብዕምቆት ድሕሪ ምክታዕ ኣብዚ ዝስዕብ ነጥብታት ዝጠቓለል ውሳኔ ኣመሓላሊፉ፤

ሀ. መሰረታዊ ዕላማ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ባህግታት ህዝብና ንምርግጋጽን፣ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምስዓር ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ናይ ኣብዝሓ ሰልፍታት ስርዓት ንምትካልን፡ ንሓዋሩ ከም ዝዕቀብ ንምግባሩን፡ ሰልፍና ዝጥቀመሉ መሰረታዊ ኣገባብ ቃልሲ ሰላማውን ደሞክራስያውን እዩ።

ለ. ኤርትራ ናጻ ፖሊቲካዊ ርእይቶን ምንቅስቓስን ዝተነፍጋ፡ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ዓመጽ፡ እትነብር ሃገር ብምዃና ግን፡ ሰላማውን ደሞክራስያውን ዝምድናታት ቃልሲ፡ ብድሌት ሓደ ሸነኽ ጥራሕ ክረጋገጽ ከም ዘይክእል ብምግንዛብ፣ ኣብ መንጎ ዓመጽን ሰላምን ምትእትታው ዝፈጥር፡ ዘይተደላዩ ጒነጽ ክርከብ ከም ዝኽእል ብምስትውዓል፣ ናይ ሰልፍና ፖሊቲካውን ደሞክራስያውን ምንቅስቓስ፡ ጥንቁቕን ድሕነት ኣባላቱ ዘዕቀበን ክኸውን እዩ።

ሐ. ብፍላይ ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ንኹሉቲ ሰላማዊ ፖሊቲካዊ ምንቅስቓሳት ተቓውሞ ንምቕሃም ዓመጻዊ ተግባራቱ ብቐጻሊ ስለ ዘካይዶ፡ ሰልፍና ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሰላስሎ ስላማዊ ፖሊቲካውን ውደባውን ዕዮ፡ ብመሰረት ተደላይነቱ ነብሰ ምክልኻሎም ብዘዕቀቡ፡ ኣካላት ሰልፊ፡ ክካይዶ ሕጋውን ተደላይን እዩ።

3. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ  ሰውራዊ ባይቶ ዝኣተዎም ስምምዓትን ዝኸተመሎም ውዕላትን

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝኣተዎም ስምምዓትን ውዕላትን ብዝምልከት፡

ሀ. ብዛዕባ ንብረትን ዓቕምታትን ውድብ፡-

ሰልፊ ነቲ ካብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝወረሶ ንብረትን፣ ንኣሙራውን ጕልበታውን ጸጋታትን ዓቕምታት ብብቕዓት ክጥቀመሉ ጉባኤ ወሲኑ፤

ለ. ብዛዕባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡-

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣባሉ ዝኾነ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ከም ናይ ተቓውሞ ጠርናፊ ጽላል ውድብ ይፈልጦ። ነቲ ኣብ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤ.ዲ.ኪ. ዝተኸተመ ውዕል ድማ ብመላእ ቃሉን መንፈሱን ከም ዝቕበሎን ዘኽብሮን የረጋግጽ። ብመደብ ዕዮን ቅዋምን ኤዲኪ ምእዙዝነቱ እናረጋገጸ፡  ነቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ተሰኪምዎ ዝጸንሐ ሓላፍነታትን ዕማማትን ወሪሱ ክቕጽሎ ምዃኑ እውን የረጋግጽ። በዚ መሰረት ሓድሽ መሪሕነት ሰልፊ ምስ መሪሕነት  ኪዳን ብምርኻብ ኩሉ ናይ ምስግጋር ስጉምትታት ክወስድ መዚዝዎ።

ሐ. ብዛዕባ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ

ኣብ መንጎ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶን፡ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን፡ እናማዕበለ ዝመጸ ዝምድና፡ ንኽልቲኡ ውድባት ምጽንባር ናብ ዝኣመተ፡ በብመድረኹ ዝፍጸም ስምምዕ ከም ዘብጽሐ፡ ጉባኤ ሰልፊ ተመልኪቱ። እቲ ኣብ መንጎ መሰረታት ክልቲኡ ውድባት ክካየድ ዝጸንሐ ርኽክባትን ናይ ሓባር ስራሓትን እውን፡ ካብ ሓድሕድ ምልላይ ሓሊፉ ናብ ምቅርራብ ናይ ሓሳብን ስራሕን ከም ዘብጽሐ መዚኑ። በዚ መሰረት ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሸነኻት ዝተኸተመ ውዕል ብመላኡ ከም ዘኽብሮን ፡ ካብቲ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ተቐቢሉ ከም ዝቕጽሎን ኣረጋጊጹ። ንመሪሕነት ሰልፊ ድማ ምስ መሪሕነት ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ብምርኻብ ናይ ምስግጋር ስጉምቲ ክወስድ መዚዝዎ። መሪሕነት ሰልፊ ምስ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ኣብ ዝገብሮ ዝምድና ንምጽንባር ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት ዘጠቓለለ ማዕባሊ ስምምዓት ክገብር ስልጣን ከም ዘለዎ ኣረጋጊጹ።

4. ብዛዕባ <u>መደብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ህግደፍ፡-</u>

ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ፡ ነቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ትሕቲ ሽፋን ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ክወስዶ ዝጸንሐ ግዴታዊ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት፣ ናይ መላእ መንእሰያት ኤርትራ ትምህርታውን ኣፍራዪን ዓቕሚ ዘባኸነ፡ ናይ ህዝብና ሰብኣዊ ክብረት ዝደፈረ፡ ቀንዲ ምኽንያት ናይ ስደትን ምዝንባልን ዝኾነ ኣስካሕካሒ ተረኺቦ ምዃኑ መዚኑ። በዚ መሰረት ነዚ ንሃገራዊ ሰራዊት ናብ እሱር ዝቐየረ ስርዓት፡ ኣብ ርእሲ ምኹናን፡ ሰራዊትን ህዝብን ንክብሮምን ንመሰላቶምን ጠጠው ብምባል ኣንጻር እዚ ዓማጺ ስርዓት ተቓውሞኦም ከኻዕብቱ ጸዊዑ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብመሰረት ብህዝቢ ዝጸደቐ ሃገራዊ ቅዋም ክኸውን ከምዘለዎ ይኣምን።

5. ብዛዕባ ጉዳይ መሬት፡-

መሬት ናይ ህዝቢ ዋንነት ምዃኑ ብምእማን፡ ዋንነት መሬት ናይ መንግስቲ ኢዩ ብዝብል ሽፋን ብሓይሊ ዝተመንዝዐ መሬት ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ይምለስ። ከምኡ ውን፡ ብቕቡል ዝኾነ ምኽንያታት መሬቶም ክምለሰሎም ዘይተኻእለ ዜጋታት ኣምሳያኡ ፍትሓዊ ዝኾነ ካሕሳ ክውሃቦም ጉባኤ ወሲኑ።

6. ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡-

ጉባኤ፡ ብዛዕባ ኩነታት ናይ'ቶም ብሰሪ ጨቋኒ መንግስቲ ህግዲፍ ሃገሮም ገዲፎም ኣብ ስደት ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣልዒሉ ብደቂቕ ድሕሪ ምግምጋም፡ ምስ ዝምልከቶም ኣህጉራውያን ትካላት ብምትሕብባር ንኩነታት ኣተሓሕዛኦም ንምምሕያሽ ኩሉ ዝከኣል ጻዕርታት ክካየድ ወሲኑ።

7. ጉዳይ ሰንደቕ ዓላማ ኤርትራ፡-

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ንህዝብና ክመቓቕል ዝጸንሐ፡ ናይ ጀብሃን ሻዕብያን ፖሊቲካ ክስዕር፡ ዝቃለስ ሰልፊ ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣብ ታሪኻዊት ተጋድሎ ሓርነት ኮነ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሩ፡ ሓይልታት ሓቂፉ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝምክት ሰልፊ እዩ። ጉባኤ ኣብ ጉዳይ ባንዴራ ዝገሃድ ፍልልያት ብቐጥታ ይኹን በተዘዋዋሪ ነቲ ክስገር ዘለዎ ናይ ፍልልይ ስምዒታት ጀብሃን ሻዕብያን ከም ዘንጸባርቕ ተመልኪቱ። እዚ ጉዳይ'ዚ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ብውሳኔ ህዝቢ ዝጸድቕ ምዃኑ እናኣመነ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ጉዳይ ሰንደቕ ዕላማ ክዋጠጡ ናይ ግዜን ዓቕምን ምብኻን ምዃኑ ተመልኪቱ። በዚ መሰረት፡

- እቲ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ከፊልጦ ዝጸንሐ ሰንደቕ ዕላማ ከም መላእ ህዝቢ ኣብ ትሕቲኡ ዝወደቐ ታሪኻዊ ባንዴራ ኤርትራ መጠን፤
- እቲ ሕጂ ከም ናይ ኤርትራ ሰንደቕ ዕላማ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ሰንደቕ ዕላማ ድማ፡ ከም ድሕሪ ናጽነት መለለዪ ባንዴራ ኤርትራ መጠን፤

ንክልቲኦም ሰንደቕ ዕላማታት ከም ዝፈልጦምን፡ ኣብ ዕላዊ ብዓላትን መጋባእያታትን ሰልፊ ምስ ሳልሳዮም ኣርማ ሰልፊ ከም ዝጥቀመሎምን ጉባኤ ኣረጋጊጹ።

8. ጉዳይ ቅዋም፡+

ቅዋም ኤርትራ፡ ክሳብ ሕጂ ከይሰርሐ፡ ኣብ ከብሒ ተቐሚጡ ስለዘሎ ኣብ ምቕባሉን ዘይምቕባሉን ዝለዓል ክትዓት ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ስርዓት ህግዲፍ ድሕሪ ምውዳቑ ጥራሕ ኢዩ ጉዳይ ቅዋም ምቹእ ባይታ ረኺቡ ክዝረበሉ ዝከኣል።

ካብዚ ብምብጋስ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግዲፍ እዚ ቅዋምዚ ከም መወከሲ ተወሲዱ ምስቲ ዝግበረሉ ምምሕያሻት ብህዝበ-ውከሳ ወይ ድማ ህዝቢ ብዝመረጾ ዲሞክራስያዊ ፓርላማ ክውሰን ይርኢ።

9. ጉዳይ እሱራት፡-

ከም ዝፍለጥ፡ ስርዓት ህግዲፍ ብዝተኸተሎ ዲክታቶርያዊ ፖሊሲታት ህዝቢ ኤርትራ ኣደዳ ማእሰርትን መቕተልትን ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ጉዳይዚ ኣዝዩ ዘተሓሳስብን ዘሻቕልንን ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ጉባኤ ተሪር ተቓውሞኡ ገሊጹ። ነዚ ጉዳይዚ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ንምቅላዕን ናይ ዓለም ቆላሕታ ከምዝረክብ ንምግባርን መሪሕነት ሰልፊ ብሰፊሑ ክነጥፈሉ ጉባኤ ኣተሓሳሲቡ።

10. ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡-

ጉባኤ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ጉንጺ ኣመልኪቱ፡ ብኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝተዋህበ ብይን ናይ መወዳእታን ቀያድን ምዃኑ ይኣምን። ናይ ዶብ ጉንጺ ብሕጋውን ሰላማውን ኣገባብ ክፍታሕ ከምዘለዎ ድማ የስምረሉ።

11. ጉዳይ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፡-

ስርዓት ህግዲፍ ከም ኣካል ናይ'ቲ ሒዝዎ ንነዊሕ እዋን ክንዓዝ ዝጸንሐ ኣዕናውን በታንን መደባቱ፡ ንዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ድሕሪ ምድኻም፡ ኣብ 2006 ዓ.ም ብወግዒ ከምዝፍረሳ ይፍለጥ። እዚ ተግባር'ዚ፡ ህግዲፍ ኣብ ትምህርትን ምሁራትን ዘለዎ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ክመጽእ ዝጸንሐ ተጻብኦ ምዃኑ የመልክት፡

ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንተግባራት ህግዲፍ ብትሪ ይኹንኖ። ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዝርከብ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ብዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዝሓለፉ ተመሃሮ ድማ ብፍላይ፡ እታ ዩኒቨርሲቲ ንቡር ስርሓ እትጅምረሉ ጻቕጥታት ክገብሩ ጉባኤ ይጽውዕ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንተግባራት ህግዲፍ ንምቅላዕ ኣብ ዓለማዊ ማሕበረ-ሰብ ብጻዕቂ ክንቀሳቐስ ድማ ይውስን።

12. ዝምድና ምስ ጐረባብቲ ሃገራት፡-

ጉባኤ፡ ስርዓት ህግዲፍ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ከካይዶ ዝጸንሐ ምትኹታኻትን ውግኣትን እናኾነ፡ ዝምድና ህዝቢ ኤርትራ ምስ ጐረባብቲ ኣህዛብን መንግስታትን ኣብ ምክብባር፡ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ምርግጋጽ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ዘይምትእትታው ዝተመርኰሰ ክኸውን ይኣምን።

ምስ ሓው ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ምስ ሓው ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ብሰሪ ስርዓት ህግዲፍ ዝወልዖ ውግእ ኣብ መንጎ ኣህዛብ ክልቲኡ ሃገራት ዝሰዓበ ሞትን ስንክልናን ብርሰትን ጓሂኡ እናገለጸ፤ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ቍስልን ጽልእን ንምሕዋይ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ትኹረት ሂቡ ክንቀሳቐስ ወሲኑ።